Progetto co-finanziato dall'Unione Europea

MINISTERO DELL'INTERNO

FONDO ASILO, MIGRAZIONE E INTEGRAZIONE (FAMI) 2014-2020
OS 2 integrazione e migrazione legale - ON 2 integrazione - prog. n. 2574

# QUESTIONARIO SUGLI STILI E LE MODALITÀ DI APPRENDIMENTO DELLA LINGUA STRANIERA PER RAGAZZI E ADULTI

## TIGRINO



**ናይ ወጻኢ ቋንቋ ምምሃር ዘይቤን ሜላን ሓተታ**

**ካብ learningpaths.org ዝተወሰደ ሕታም**

እዚ ሓተታ እዚ ናይ ወጻኢ ቋንቋ ከመይ ክትመሃሩ ከምትኽእሉን ኣብዚ ጉዳይ እዚ ዘለኩም ምርጫን ብዝምልከት ዝሓሸ መረዳእታ ክህልወኩም ዝሕግዝ እዩ።

እዞም ትሕት ኢሎም ዘለዉ መግለጺታት ናይ ወጻኢ ቋንቋ ንዝመሃሩ ሰባት ዝምጥኑ ናይ መጽናዕቲ ተግባራትን ናይ ትምህርቲ ሜላታትን ዝገልጹ እዮም። ሕድሕድ መግለጺ ክሳብ ክንደይ ከምዝምልከተኩም ወስኑ: ኣብቲ ዝመረጽኩምዎ ረድፊ ዘሎ ቁጽሪ ኣኽብቡ። ንኣብነት፣ ሕቶ ቁጽሪ 1 ሳሕቲ ኢልኩም ክትምልሱ እንተደሊኹም፣ ኣብ ቁጽሪ 3 ኣኽብቡ።

ክንድዝከኣለኩም ካብ ልብኹም ክትምልሱ ፈትኑ: *ትኽክል* ክኸውን ይኽእል እዩ ኢልኩም ትሓስብዎ መልሲ ኣይትመልሱ፣ ንናይ ውልቀሰባዉ ልምዲኹም *ናይ ብሓቂ* ዝቐረበ እትብልዎ መልሱ። ኣብዚ መሕትት እዚ *ትኽክለኛ ወይ ጌጋ ዝበሃሉ መልሲታት ከምዘየለዉ ተረድኡ*። ዕላምኡ ብዛዕባ *ናይ ውልቀሰባዊ* ኣመሃህራ ሜላኹም ዝሓሸ መረዳእታ ንክህበኩም እዩ።

| | *ኣዝዩ ብዙሕ ግዜ* | *ብዙሕ ግዜ* | *ሓደ ሓደ ግዜ* | *ሳሕቲ* | *ዳርጋ ብፍጹም* |
|---|---|---|---|---|---|
| 1. ናይ ወጻኢ ቋንቋ ጽሑፈ ክንብብ ከለኹ ሕድሕድ ቃሉ ክርዳእ ኣለኒ። | **0** | **1** | **2** | **3** | **4** |
| 2. ናይ ሰዋሰዋዊ ሕጊ ቅድሚ ምድምዳመይ ብዙሓት ኣብነታት ኣቐዲመ ክርኢ ኣለኒ። | **4** | **3** | **2** | **1** | **0** |
| 3. ናይ ወጻኢ ቋንቋ ንምረዳእን ንምዝራብን ኣብ ናይ ኣፍ መፍትሒ ቋንቋይ ይምረኮስ። | **0** | **1** | **2** | **3** | **4** |
| 4. ካብ ሰዋስው ንላዕሊ ንቃላተ ትኹረት ይህብ። | **4** | **3** | **2** | **1** | **0** |
| 5. እቲ ሕጊ ወይ ናይ ዝኾነ ቃል ትርጉም ተዘይፈሊጠዮ ምርግጋዕ ይኣብየኒ። | **0** | **1** | **2** | **3** | **4** |
| 6. ክንብብ ከለኹ፣ ናይ ዘይፈልጦም ቃላት ትርጉም ኣብ ጥቕኦም ዘለዉ ቃላት ብምርኣይ ክርዳእ ይፍትን። | **4** | **3** | **2** | **1** | **0** |
| 7. ሕጊታት ኣብ ጸሑፋዊ ወይ ድማ ኣብ ዝርርብ ቅድሚ ኣብ ጥቕሚ ምውዓለይ ብግልጺ ክብራህርሁለይ ይደሊ። | **0** | **1** | **2** | **3** | **4** |
| 8. ናይ ወጻኢ ቋንቋ ክንብብ ወይ ክሰምዕ ከለኹ ኩሉ ቃል ብሓደ ግዜ ክርድኣኒ ኣለዎ ኣይብልን; ዋና ሓሳቡ ተተረዲኢዮ ዕጉብ እየ። | **4** | **3** | **2** | **1** | **0** |
| | | | | | |
| 9. ብናይ ወጻኢ ቋንቋ ክዛረብ ከለኹ ክብሎ ዝደለኹ ነገር ክሳብ ዘዳልዎ ግዜ የድልየኒ። | **0** | **1** | **2** | **3** | **4** |
| 10. ክብሎ ዝደለኹ ነገር ንምብርህራህ ሓድሽ ወይ ክብድ ዝበለ መዋቕር ወይ ቮካብለሪ ንምጥቃም ንምፈታን ድልው እየ። | **4** | **3** | **2** | **1** | **0** |
| 11. ናይ ወጻኢ ቋንቋ ክዛረብ ከለኹ፣ ጌጋ ከምዝተጋገኹ ምስ ፈለጠኩ ጌጋይ ክሰተኻኽል ይፍትን። | **0** | **1** | **2** | **3** | **4** |
| 12. ኣብ ሓንጎለይ እቲ ሙሉእ ሓሳብ ቅድሚ ምህናጸይ ናብ ምዝራብ ወይ ምጽሓፈ ዘሊለ ይኣቱ። | **4** | **3** | **2** | **1** | **0** |
| | | | | | |
| 13. በይነይ ክጽንዕ ከለኹ ብዝበለጸ ይዝክር። | **0** | **1** | **2** | **3** | **4** |
| 14. ምስ መምህረን ሙሉእ ክላስን ምስራሕ ይፈቱ። | **4** | **3** | **2** | **1** | **0** |
| 15. ካብ ክላስ ንላዕሊ ኣብ ገዛ በይነይ ዝበለጸ ይመሃር። | **0** | **1** | **2** | **3** | **4** |

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| 16. ኣብ ክላስ ብጽምዲ ወይ ብጉጅለ ምስራሕ ይፈቱ። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| | | | | | |
| 17. ዝኾነ ጽሑፍ ካብ ምስመዕ ምንባብ ይመርጽ። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| 18. መመርሒታት ተጻሒፎም እንተሪአየም ብዝበለጸ ይርድኦም። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| 19. ዝመሃሮ ዘለኹ ነገር ኣብ ደፍተረይ ብቕልጡፍ ክጽሕፍ ኣለኒ። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| 20. ሓደሽቲ ቃላት ንምምሃር፣ ብዙሕ ግዜ ክጽሕፎም ኣለኒ። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| 21. ኣብ ክላስ ናይ ዝተበሃሉ ነገራት ማስታወሻ ምሓዝ ጠቓሚ ኮይኑ ረኺበዮ እየ። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| | | | | | |
| 22. ጽሑፍ ካብ ዘንብብ ቪድዮ ምርኣይ ይመርጽ። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| 23. ጽሑፍ ከንብብ ከለኹ፣ ዝተፈላለዩ ክፋላቱ ብዝተፈላለዩ ሕብሪታት ሃይላይት ምግባር ጠቓሚ ኮይኑ ረኺበዮ እየ። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| 24. ጽሑፋዊ መምርሒታት ብዳያግራም ወይ ስእሊ እንተተገሊጾም ብዝሓሸመገዲ ክከታተሎም ይገብረኒ። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| 25. ኣብ ጽሑፋት ክሰርሕ ከለኹ፣ መጀመርያ ፎቶ ወይ ምስሊታት እንተሪአ ዝበለጸ ይመሃር። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| 26. ሓደሽቲ ቃላት ንምምሃር፣ ምስ ስእሊታት ከተሓሕዞም ኣለኒ። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| | | | | | |
| 27. ሓደሽቲ ቃላት ንምምሃር፣ ዓው ኢለ ወይ ብውሽጠይ ደጋጊመ ክብሎም ኣለኒ። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| 28. ናይ ፕሮናውንስየሽን ልምምድ ምግባር ይፈቱ። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| 29. ኣብ ክላስ ካብ ዝህልዉ ዝርርባትን ምይይጣትን ብዙሕ ይመሃር። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| 30. ካብ መጽሓፍ ካብ ዘንበብኩዎ ንላዕሊ ኣብ ክላስ ዝተመሃርኩዎ ይዝክር። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| 31. ናይ ወጻኢ ቋንቋ ጽሑፋት ብምስማዕ ብዙሕ ይመሃር (ዝተቐድሑ ዝርርባት፣ ዜና፣ ሬድዮ፣ ደርፌታት፣ ወዘተ.). | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| | | | | | |
| 32. ሰብ ክርድኣኒ ምግባር እንተዘይክኢለ፣ ብምልክት ክረድእ ይፍትን። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| 33. ማንዋል ወይ ፈጠራዊ ንጥፈታት ኣብ ቤት ትምህርቲ ምግባር ይፈቱ። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| 34. ጽንዓት ምግባር፣ ኣብ ቤተ ንባብ፣ ቤተ ፈተነ ምስራሕ፣ ወዘተ ይፈቱ። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| 35. ጸወታ፣ ማይም፣ ደርፊን ካልኦት ከምዚ ዓይነት ንጥፈታትን ይፈቱ። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |
| 36. ሓበሬታታት ክረኽበሎም ዝኽእለሎም ንጥፈታት፣ ሰባት ቃለ መሕተት ምግባር፣ ቦታታት ምብጻሕ፣ ወዘተ ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ይፈቱ። | 4 | 3 | 2 | 1 | 0 |

*ውጽኢትኩም ምስላሕ*

ኣብ ሕድሕድ ክፍሊ ዘኽበብኩሞም ቁጽሪታት ናይዚ ሓተታ ደሚርኩም (ሕቶታት 1 ክሳብ 8, 9 ክሳብ 12, 13 ክሳብ 16, 17 ክሳብ 21, 22 ክሳብ 26, 27 ክሳብ 31 ከምኡውን 32 ክሳብ 36) ውጽኢትኩም ኣብ ዝምልከትዎም ጠረቤዛታት ኣእትዉ። ኣብዚ ሓተታ እዚ ጽቡቓት ወይ ሕማቓት ማርከታት ዝበሃሉ የለዉን። ሕድሕድ ውጽኢት ናይ ውልቃዊ ኣጸናንዓ መገዲኹምን ኣመሃህራኹምን ዝውክል እዩ። ሕድሕድ ውጽኢት ንናይ ኣመሃህራ ሜላ ይወክል፣ ሕድሕድ ሜላ ድማ ኣወንታዊን ኣሉታዊን ገጽታ ኣለዎ።

**ሕቶታት 1 ክሳብ 8**

**<----ትንታኔያዊ** **ዓለም ለኻዊ ---->**

**------------------------------------------------|--------------------------------------------------------**

**0 2 4 6 8 10 12 14 16 18 20 22 24 26 28 30 32**

**ሕቶታት 9 ክሳብ 12**

**<----ኣንጻባራቕቲ** **ብስሜት ዝደፋፋእ ---->**

**----------------------------------------------------|----------------------------------------------------**

**0 2 4 6 8 10 12 14 16**

**ሕቶታት 13 ክሳብ 16**

**<----ውልቀሰብ** **ጉጅለ---->**

**----------------------------------------------------|----------------------------------------------------**

**0 2 4 6 8 10 12 14 16**

**ሕቶታት 17 ክሳብ 21: ቃላዊ ናይ ዝረአ ነገር ሜላ** **-----------------------------|------------------------------**

**ሕቶታት 22 ክሳብ 26: ቃላዊ ዘይኮነ ናይ ዝረአ ነገር ሜላ** **-----------------------------|------------------------------**

**ሕቶታት 27 ክሳብ 31: ናይ ምስማዕ ሜላ** **-----------------------------|------------------------------**

**ሕቶታት 32 ክሳብ 36: ካይነስተቲክ ሜላ** **-----------------------------|------------------------------**

**0 2 4 6 8 10 12 14 16 18 20**

## ስኬላት: መግለጺታትን ሓሳባትን

### *ትንታኔያዊ/ዓለምለኻዊ ስኬል (ሕቶታት 1 ክሳብ 8)*

ናብ 0 ዝቐረበ ውጽኢት እንተመጺኹም፣ እቲ ትመሃረዎ ዘለኹም ቋንቋ ብዝርዝር ትትንትኑ ከምዝኾንኩም የርኢ; ንስዋስው፣ ናይ ቃላት ትኽክለኛ ትርጉም ምፍላጥ፣ ነቲ ቋንቋ ብትኽክል ንክትመሃሪ ዝሕግዙኹም ተግባራት ዓበዪ ኣገዳሲነት ከምትህቡ; ናይቲ ሓሳብ መዋቕርን ቮካብረሊን ተረዲእኩም ንክትጸንሑ መብዛሕትኡ ግዜ ትርጉም ከምትጥቀሙ የርኢ።

*ምኽሪ: ናይ ወጻኢ ቋንቋ ብመዋቕርን ቮካብለሪን ዋላ ምትንታን ይከኣል እንተኾነ፣ ብቐጥታ ሕጊታት ኣቓሚጥኩም ነገራት ንምርዳእን ዓርስኹም ንምግላጽን ምፍታን ኩሉ ግዜ ዝከኣል ነገር ከምዘይኮነ፣ ንምዝካር ፈትኑ። ሓደ ሓደ ግዜ ትሰምዕዎ ወይ ተንብብዎ ዘለኹም ነገር ምግማት ዝበለጸ ጠቓሚ እዩ፣ ኩሉ ነገር ብሓ ግዜ ዘየተረዳእኹ ኢልኩም ካበ ትጭነቑ፣ ወይ ድማ ዓርስኹም ከተብራህርሁ ከለኹም 100% ትኽኣል እንተዘይኮይንኩም።*

ናብ 16 ዝቐረበ ውጽኢት እንተምጺኹም፣ ኣጸናንዓ ሜላኹም ኣብ መንጎ ትንታኔያዊን ዓለም ለኻዊን "ዝተመጣጠነ" እዩ። እዚ ማለት፣ መብዛሕትኡና ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ኢና ከም ኣደላይነቶም ድማ ከለቲኦም ሜላታት ንጥቀም።

*ምኽሪ: ናይ ክልቲኦም ሜላታት መግለጺታት ኣብ ላዕሊን ታሕቲን ኣንብቡ። ንባዕልኹም ካብ ክልቲኦም ናብ ሓዲኦም ቀሪብኩም ከትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም፣ እዚ ድማ ሓደ ሓደ ናይ ቋንቋ ኣመሃህራ ሜላኹም ከተመሓይሹ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።*

ናብ 32 ዝቐረበ ወጽኢት እንተምጺኹም፣ ናይ ወጻኢ ቋንቋ ብምስማዕ ወይ ብምንባብ ክትለምዱ ክትፍትኑ ከለኹም፣ ብዛዕባ ስዋስው ወይ ትኽክለኛ ናይ ቃል ትርጉም ክንድቲ ከየተጨነቕኩም ማለት እዩ። ዓርስኹም ክትገልጹሉ ትኽእሉ ንዝመስለኩም፣ ንቮካበለሪ ካብ ስዋስዋዊ መዋቕር ንላዕሊ ዝበለጸ ኣገዳሲነት ትህቡ ማለት እዩ፣ ትኽክል ንክትኮኑ ኢልኩም፣ ናይ ሕጊታት ጠቕሚ ክትርስዑ ትኽእሉ።

*ምኽሪ: ስዋስው ብትኽክል ንምርካብ፣ ናይ ቃላት ትኽክለኛ ትርጉም ኣብ ምርካብን ኣብ ፕሮናውንስየሽንን ንእሽተይ ግዜ ኣጥፍኡ። ሓደ ሓደ ግዜ ሙሉእ ንሙሉእ ትኽክል ከይኮንኩም እንከለኹ ንሰብ ምርዳእ ወይ ድማ ሰብ ንዓኹም ክርድኣኩም ከምዝኽእል ትኽክል ዋላ ይኹን፣ ኣብ መብዛሕትኦም ኬዛት ትኽክል ምዃን ንምርድዳእ ይሕግዝ እዩ።*

### *ኣንጻባራቒ/ብስምዒት ዝድፋእ ስኬል (ሕቶታት 9 ክሳብ 12)*

ናብ 0 ዝቐረበ ወጽኢት እንተምጺኹም፣ ቅድሚ እቲ ናይ ወጻኢ ቋንቋ ምጥቃምኩም ከትሓስቡ ከምዘለኩም ይስመዓኩም ማለት እዩ። ርግጸኛ ዘይኮንኩምሉ ነገር መዋቕሩ ወይ ቮካብለሪ ከይትጋገዩ ትሰግኡ። ክትብልዎ ዝደለኹሞ ነገር ንምባል ብዝሕ ዝበለ ግዜ ትደልዩ፣ ጌጋ ከምዝተጋገኹም ምተረደአኩም ጌጋኹም ክተስተኻኽሉ ትፍትኑ።

*ምኽሪ: ኩሉ ናይ ቋንቋ ስዋስውን ቮካብለሪን ክሳብ ትፈልጡ ኣይትጽበዩን ቅድሚ "ዘሊለኩም" ትጥቀሙሉ! ነቲ ቋንቋ ብተደጋጋሚ ክትብልዎን ክትጽሕፍዎን ፈትኑ፣ ዋላ ክንድቲ ትደልይዎ "ድልው" ዝኾንኩም ኣይምሰልኩም። ዓርስኹም ክትገልጹ ከለኹም፣ ትፈልጥዎም ነገራት ብምጥቃም "ደፋር" ክትኮኑ ኣለኩም።*

ናብ 8 ዝቐርብ ውጽኢት እንተምጺኹም፣ ሜላኹም ኣብ መንጎ ኣንጸባራቒን ብስምዒት ዝድፋእን "ዝተመጣጠነ" እዩ። እዚ ማለት፣ መብዛሕትኡና ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ኢና ከም ኣደላይነቶም ድማ ከለቲኦም ሜላታት ንጥቀም።

*ምኽሪ: ናይ ክልቲኦም ሜላታት መግለጺታት ኣብ ላዕሊን ታሕቲን ኣንብቡ። ንባዕልኹም ካብ ክልቲኦም ናብ ሓዲኦም ቀሪብኩም ከትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም፣ እዚ ድማ ናይ ቋንቋ ኣመሃህራ ሜላኹም ከተመሓይሹ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።*

ናብ 16 ዝቐረበ ውጽኢት እንተምጺኹም፣ ዝደለኹሞ ነገር ኩሉ ብቲ ናይ ወጻኢ ቋንቋ ምግላጽ ትኽእሉ ማለት እዩ፣ "ከመይ" ዓርስኹም ትገለጹ ከምዘለኹም ብዘይ ምጭናቕ። ብዛዕባ ቅጥዒ ምሕሳብ ብቐሊሉ ከይትዛረቡ ዝኽልክለኩም ይመስለኩም፣ ስለዚ ንምዝራብ ዋላ ጌጋ ምፍጣር ትመረጹ።

*ምኽሪ: ዕድልካ ምፍታን ጸቡቕ እዩ እንተኾነ ግን ብዝመጸልካ ምዝራብ ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል እዩ! ብዛዕባ እቲ ክትዛረብዎ ዝደለኹም ነገር "ትሕዝቶ" ጥራሕ ዘይኮነስ ብዛዕባ "ቅጥዒ" እውን ሕሰቡ፣ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ደው ኢልኩም ዓርስኹም ከመይ ብግልጺን ብትኽክልን ምግላጸ ከምትኽእሉ ሕሰቡ።*

### *ውልቀ ሰብ/ጉጅለ ስኬል (ሕቶታት 13 ክሳብ 16)*

ናብ 0 ዝቐረበ ውጽኢት እንተምጺኹም፣ በይንኹም ክትኮኑ ከለኹም ብዝበለጸ ትሰርሑ ካብ ናይ ጉጅለኣዊ ንጥፈታት ድማ ናይ ወልቃዊ ትምህርቲ ከምትመርጹ የርኢ። ምስ ካልኦት ካብ ምስራሕ ንላዕሊ በይንኹም መጽሓፍ ካብ ምንባብ ዝበለጸ ትመሃሩ።

*ምኽሪ: ምስ መምህርኩምን መማህርትኹምን ዝህልዉኹም ምትእትታዎት ኣዝዮም ጠቓምቲ እዮም፣ ካብ ናይ ውልቃዊ ኣሰራርሓ ስልቲኹም ኣየተኣጓጉሎኩምን ዝተፈለየ ርኢቶ፣ ሓሳብን ኣቀራርባን ግን ክትመሃሩ ዕድል ክህበኩም ይኽእል።*

ናብ 8 ዝቐረበ ውጽኢት እንተምጺኹም፣ ሜላኹም ኣብ መንጎ ወልቃዊን ናይ ጉጅለ ስራሕን "ዝተመጣጠነ" እዩ ማለት እዩ። እዚ ማለት፣ ሙብዛሕትኡና ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ኢና ከም ኣደላይነቶም ድማ ክለቲኦም ሜላታት ንጥቀም።

*ምኽሪ: ናይ ክልቲኦም ሜላታት መግለጺታት ኣብ ላዕሊ ን ታሕቲን ኣንብቡ። ንባዕልኹም ካብ ክልቲኦም ናብ ሓዲኦም ቀሪብኩም ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም፣ እዚ ድማ ናይ ቋንቋ ኣመሃህራ ሜላኹም ክተመሓይሹ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።*

ናብ 16 ዝቐረበ ውጽኢት እንተምጺኹም፣ በይንኹም ካብ ምስራሕ ንላዕሊ ብጽምዲ ወይ ብጉጅለ ምስራሕ፣ ዓርስኹም ክኢልኩም መጽሓፍ ክንዲ ምጽናዕ ምስ ካልኦት ምዝርራብ ትመርጹ።

*ምኽሪ: ምስ ካልኦት ሰባት ምትእትታው ጠቓሚ እዩ፣ እንተኾነ ግን ውልቃዊ ኣመሃህራ እቲ ትመሃርዎ ዘለኹም ነገር ናይ ብሓቂ ወልቃዊ ኮይኑ ክስመዓኩም ይገብር።*

### *ቃላዊ ናይ ዝረአ ነገር ሜላ ስኬል (ሕቶታት 17 ክሳብ 21)*

ልዑል ውጽኢት ክተምጽኡ ከለኹም፣ ትመሃርዎ ነገር ክተንብቡ ትደልዩ ኢኹም ማለት እዩ: ንኣብነት፣ ንዝኾነ ስራሕ ዝወሃቡ መምርሒታት ካብ ምስማዕ ንላዕሊ ምንባብ ጠቓሚ እዩ ኢልኩም ትሓስቡ፣ ኣብ ክላስ ዝተነገረኩም ነገር ማስታወሻ ትሕዙ፣ ኣብ ብላክ ቦርድኹም ነገራት ተጻሒፎም ትሪኡ፣ ሌክቸር ካብ ምስማዕ ወይ ቪድዮ ካብ ምርኣይ ካብ መጽሓፍ ምንባብ ትመርጹን፣ ዝኣመሰሉን።

### *ቃላዊ ዘይኮነ ናይዝርአ ነገር ሜላ ስኬል (ሕቶታት 22 ክሳብ 26)*

ልዑል ውጽኢት ክተምጽኡ ከለኹም፣ ትመሃርዎ ነገር ክትሪእዎ ትመረጹ ማለት እዩ: ንኣብነት፣ ቃላት ምስ ምስሊታት ምትሕሓዝ፣ ኣብ ጽሑፍ ዘለዉ ቁልፊ ቃላት ብዝተፈላለዩ ሕብሪታት ምቕባእ፣ ናይ ትምሃርዎ ነገር ቻርት ወይ *ስፓይደርግራም* ምስራሕ፣ ሓደሽቲ ቃላት ንምዝርካር ኣብ ኣእምሮኹም ምስሊ ምፍጣር፣ ወይ ጽሑፍ ካብ ምንባበ ቪድዮ ምርኣይ ጠቓሚ ኮይኑ ትረኽብዎ።

### *ናይ ምስማዕ ሜላ ስኬል (ሕቶታት 27 ክሳብ 31)*

ልዑል ውጽኢት ክተምጽኡ ከለኹም፣ ክትመሃርዎ ትደልይዎ ነገረ ምስማዕ ትመርጹ ማለት እዩ: ንኣብነት፣ መምርሒታትን መብራህርሂታትን ምስማዕ፣ ቃላት ዓው ኢልካ ምንባብ ወይ ብሓንሳልካ ምድግጋም፣ ናይ ፕሮናውንስየሽን ልምምድ ምግባር፣ ናይ ወጻኢ ቋንቋ ጽሑፍ ምስማዕ፣ ኣብ ናይ ክላስ ምይይጥን ዝርርብን ምስታፍ፣ ዝኣመሰሉን።

### *ካይነስተቲክ ሜላ ስኬል (ሕቶታት 32 ክሳብ 36)*

ልዑል ውጽኢት ክተምጽኡ ከለኹም፣ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘድልዮም ነገራት ምግባር ትመረጹ ማለት እዩ: ኣብ ጸወታታትን ማይምን ምስታፍ፣ ኣብ ዝርርብ ምልክታት ምጥቃም፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውሽጢን ደገን ኣብ ንጡፍ ልምዲታት ምስታፍ፣ ከም ጽንዓት፣ ቃለ መሕተት፣ ዎርክሾፕን ንጥፈታትን ዝኣመሰሉን..

### ኣብ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ሜላታት "ዝተመጣጠነ" ውጽኢት ኣለኩም ዶ?

*ብዙሓት ሰባት ኣብ ኩነታቶም መሰረት ብምግባር ዝተፈላለየ ዝመሃሩሉ መገዲ ኣለዎም፣ ኩሉ ሜላ ድማ ነናይ ባዕሉ ጥቕሚ ኣለዎ። ናይ ትፈትውዎ ኣመሃህራ ሜላ ኣወንታዊ ገጽ ብኣግባቡ ክትጥቀሙ ፈትኑ፣ ክንዲ ዝከኣለኩም እውን ግን፣ ካልኦት ሜላታት እውን ክትመሃሩ ፈትኑ: ኩሉ ግዜ ክትጥቀመሎም ትኽእሎም ልዐሊ ሓደ መሰርሒታት ምህላው ጠቓሚ እዩ!*